# ኪወግሕ'ዩ ጸላም!

ነቲ *ጸዳል ስውእ ጸላም ዝቐየረ *ብርሃን
ሃገር ብደልሃመት ኣዒንታ ዘዕወረ
ራህዋ ከም ዘሎና ጓይላ እናገበረ
የዋህን *ሃዚልን እንተ ኣደናገረ *ዓሻን
እዚ ጎይታ ሕሰም ክንደይ ዘይጸዓረ!

ኣንቲ መሬት ስውእ ወደባት ምስ ባሕራ
ድሕሪ እዚ ኹሉ ሓሳረ መከራ
ኣብ ክንዲ እፎይታ ናይ ቅሳነት ናብራ
ንስምኪ በሊሉ ምልካዊ ምሕደራ
ህዝብኺ ኪገዝኦ ራዕዲ ምስ ሸበራ
መን ተጸብዩዎ ሃገርና ኤርትራ?

ስደትን ውርደትን ኪገብር ነበረ
እዚ ኹሉ ጅግና ስለኡ እተቐብረ
እቲ ለዋህ ህዝቡ ግዳም ዝሰፈረ
ናብ ቤቱ ተመሊሱ ጊሓት ዝወፈረ
መቐረት ናጽነት እናስተማቐረ
ይነብር በልና'ምበር ወትሩ እናተኸብረ
ድሕሪ ናጽነትዶ ከምዚ ምሓሰረ!?

እቲ ዝኸፈለ ንብረት ምስ ህይወቱ
ባርነት ኮይኑዎ ህያው ናጽነቱ
ኣብ ውሽጥን ወጻእን በዚሑ ከርተቱ
ጉጅለ ውሑዳን ህዝብና ከጽንቱ
ሓደ ድሕሪ ሓደ ኩናት እናኸፈቱ
ምንባር ከሊኦሞ ኣብ ገዛእ መሬቱ!

ምሕደራ ባርነት እዚ ዘለናዮ
ናጽነት'ዩ ኢልና እንተ ጸዊዕናዮ
ሕሰም ፍርቂ ዘመን እቲ ዘሕለፍናዮ
መግዛእቲ ባዕዳውያን እንታይ ኢና ክንሰምዮ?

ኣይትንብዒ ኤርትራ ኪወግሕ'ዩ ጸላም
ክንደይ ከይጸንሕ ብዓመጽ'ዚ ጠላም
ኣብ ጋህዲ ክትነብሪ ኣቋሪጽኪ ምሕላም
ሓርነት ዘሎዎ ክሰፍን'ዩ ሰላም!

**ርሑስ በዓል ትንሳኤ ይግበረልና! ኣሜን!!!**

ኤርትራና ክሓልፈላ፡ ስርዓት ምልኪ ንእለየላ!

**ካብ ሓውኹም መሲናስ 01/05/2016**




**ክወግሕ እዩ!**

እዋናዊት ዜማ ብድምጻዊ ዓንዲት ዑቕባይ

- ኣብዚ ጠውቑ።

Copyright © 2013 - 2016 www.snitna.com